20/12/2018

# ቅሉዕ መልእኽቲ ንመራሕቲ መንግስቲ ክልል ትግራይ

ክቡራት መራሕቲ መንግስቲ ክልል ትግራይን፡ ህዝቢ ትግራይን

ምዉቕ ሕውነታዊ ሰላምታይ ድሕሪ ምቕራብ፡ ካብ'ቲ ወያናይ ባህሪኹም ተበጊሰ፡ ንኣጋጢሙኩም ዘሎ መጠነኛ ግዝያዊ ጸገም፡ ብውሕሉል ኣገባብን ቀራጽነትን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትሰግርዎ ምኻንኩም፡ ዘሎኒ ምሉእ እምነት ክገልጽ እፈቱ። ኣስዒቡ፡ ነዛ ሕጽር ዝበለት ለበዋይ ከመሓላልፈልኩም ኣፍቅዱለይ።

ክቡራት መራሕትን ህዝብን ክልል ትግራይ-

ብዶብ ኣሳቢብካ ብዝተወልዔ ኲናት፡ ካባኹምን ህዝቢ ኤርትራን ንላዕሊ ምረቱ ዘስተማቐሮ ሰብ የሎን። እዚ ብዶብ ኣሳቢብካ ዘጋጠመ ምረት ናይ ክልተ ሓው ዝኾኑ ህዝቢ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክጠፍእ ኣለዎ። ክጠፍእ ዝኽእል ከኣ እቲ ዓማጺ ሰብ ክጥቀመሉ ዝኽእል ሰበብ ምስ ዘይህሉ ጥራሕ'ዩ። እቲ እግባይ ብዘይብሉ ኣገባብ ኣብ ቤት ፍርዲ ዓለም ዝተዋህበ ብይን፡ ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዶባቱ ኣነጺርሉ እዩ። እዚ ከኣ ንኩላትና ጽቡቕ እዩ፡ ከመይሲ ነናትና ፈሊጥና። ንካብ ዓሰርተ ጽምዲ ንላዕሊ ዘየውዕል መሬት ክንሰሓሓብ ክንብል፡ ኣብ መጻኢ ካልእ ምረት ክምጽኣልና ዝኽእል ሰበብ ክንወድቕ ኣይግባእን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዶብ ኣየድልን'ዩ፡ ፍቕሪ'ዩ ወሳኒ፡ ዝብል ኣዘራርባ ብክልቲኦም መራሕቲ፡ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኤርትራን ይቃላሕ ኣሎ። እዚ ኣበሃህላ እዚ፡ ብሓፈሻ ንዝምድናታት ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን፡ ብፍላይ ከኣ ንሓው ዝኾኑ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ሓደገኛ እዩ። እቲ ስግኣት ኣብ ቀረባ ግዜ እኳ እንተዘየጋጠመ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ከምዘጋጥም ሕሉፍ ተመኩሮታት ዓለም እኹል መረጋገጺ እዩ። ኣብ ግዜ እዞም ዘለዉ ስርዓታት ከየጋጥም ይኽእል'ዩ። እዞም ስርዓታት እዚኣቶም ግን ሓለፍቲ እዮም። ከምኡ'ውን ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ዋላ ኣይንድለዮ፡ እንተድኣ እዘን ክልተ ሃገራት ብጽቡቕ ክምዕብላ ተራእየን፡ ምዕባሊኤን ንክዘርጉን፡ ብረቶም ንክሸጡን፡ መራሕቲ ሓያላት መንግስታት፡ ሓለይቲ መሲሎም ከለዓዕልዎ እዮም። ስለዚ ነዚ ሓው ዝኾኑ ህዝቢ፡ ካብ ተንኮለኛታት ኣብ ዘድለዮም ግዜ ሓኺኾም ዘርኩስዎ በሰላ፡ ሕጂ ኣብ ኢድኩም ከሎ ኣድሕንዎ። እቲ ብይን ኣብ ግብሪ ይውዓል። ዶብ ውዓል ሕደር ብዘይብሉ ኣገባብ ይተሓንጸጽ። ነናትካ ምሓዝ ፍቕሪ እምበር ባእሲ ኣየምጽኣልናን እዩ። ለባማት ኣቦታትኩምን ኣቦታትናን፡ ካብ'ቲ ነዊሕ ተመክርኦም ተበጊሶም፡ "ከም ኣሕዋት ተፋቐር፡ ከም ጓና ከኣ ተጸባጸብ" ዝብል ምስላ ገዲፎሙልና ሓሊፎም እዮም'ሞ ምዕዶ ኣቦታትና ንድሕነት ህዝብና ክንጥቀመሉ ሓደራ እብለኩም።

ሓውኹም ተስፋይ ተምነዎ